## ኣብ ኣውስትራሊያ ውሽጢ ንዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ፣ ኣጓላትን ስድራታት ዝኸውን ደገፍ ኣሎ። ኣብ ቐረባኽን ብዘሎ ኣገልግሎት ውሃቢ ንምርካብን ንምዝርራብ በዙይ ዝስዕብ ምርኣይ፦



**Queensland**
Odette Tewfik
Multicultural Women's Health
*(ብናይ ብዙሕ ባህሊታት ናይ ደቂ ኣንስትዮ ሓለዋ ጥዕና ፕሮጀክት መተሓባበሪ)*
Project Coordinator
True
**ስልኪ፦** 07 3250 0250
odette.tewfik@true.org.au

**Northern Territory**
Kirsten Thompson
Nurse *(ነርሲ)*
Family Planning & Welfare
**ስልኪ፦** 08 8948 0144
kirsten.thompson@fpwnt.com.au

**New South Wales**
Linda George
Senior Health
Education Officer
*(ናይ ሓለዋ ጥዕና ትምህርቲ ላዕላዋይ ሓላፊ)*
NSW Education
Program on FGM
**ስልኪ፦** 02 9840 3910
linda.george@health.nsw.gov.au

**Western Australia**
Carol Kaplanian
FGM & FDV Research
Project Officer
*(ፕሮጀክት ሓላፊ)*
Women and Newborn
Health Service
**ስልኪ፦** 08 9340 1557
carol.kaplania@health.wa.gov.au

**ACT**
Esther Lam
CALD Liaison Nurse
*(CALD መራኸቢ ነርሲ)*
ACT Health
**ስልኪ፦** 02 6205 1078
esther.lam@act.gov.au

**South Australia**
Kim Voss
Social Worker
*(ማሕበራዊ ሰራሕተኛ)*
Women's Health Central
**ስልኪ፦** 08 8444 0700
kim.voss@health.sa.gov.au

**Tasmania**
Xavier Lane-Mullins
Community
Development Worker
*(ናይ ማሕበረሰብ ዕቤት ሰራሕተኛ)*
**ስልኪ፦** 03 6235 6001
xlanemullins@redcross.org.au
Michou Kadima
Community
Development Worker
*(ናይ ማሕበረሰብ ዕቤት ሰራሕተኛ)*
**ስልኪ፦** 03 6326 0400
mkadima@redcross.org.au

**Victoria**
Medina Idriess
FARREP Worker
*(FARREP ሰራሕተኛ)*
Royal Women's Hospital
**ስልኪ፦** 03 8345 3058
Farrep.program@thewomens.org.au

ናይ NETFA ፕሮጀክቲ ዚኻየዶ ብናይ ዝተፈላለየ ብዙሕ ባህላዊ ማእከል ንደቂ ኣንስትዮ ሓለዋ ጥዕና ከምዝኾነ እሞ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ዝረኽቦ ኣብ ኮመንዌልዝ መንግሥቲ ይኸውን። ንዝበለጸ መረዳእታ ብዌብሳይቲ www.NETFA.com.au ምርኣይ ወይኻዓ ብናትና Twitter @EndFGM_NETFA ምኽትታል።

መጨረስታ ዝተማሓሸሉ፦ ሓምለ/July 2016

Multicultural Centre for Women's Health

**Tigrinya**

# NETFA ምኽንሻብ ጓል ኣንስተይቲ

ንጓል ኣንስተይቲ ምኽንሻብ ዝተለመደ ባሕላዊ ተግባር እዩ። እዚ'ውን ንናይ ወጻኢ ብልዕቲ ምቑራጽ ወይኻዓ ምቕያር እዩ። ጓል ኣንስየይቲ ምኽንሻብ ሓደሓደ ግዘ ንደቂ ኣንስትዮ ብልዕቲ ምቑራጽ ወይኻዓ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ብልዕቲ ጉድዓት/ምቑራጽ ብዝብል ይፍለጥ።

ንጓል ኣንስተይቲ ምኽንሻብ ኣብ ደቂ ኣንስትዮን ኣጓላት ጥዕና ምንም ጥቕሚ ከምዘይብሉን የግዳስ ጾታዊ ርክበን ብወሊድ ጥዕና ጸገም ከምዘለዎ እዩ።

ሰብነትና ንምቑፃርን ሓልየት ንምግባር፣ ኩላሕትና ብኽብሪ መዓርግ ክንተናዓገድ ኣለና። ከም ሰብዓዊ ምኟን መጠን እዚ ናይ ሕድሕዲኡ መሰል እዩ። ብናይ ኣነስታይ ምኽንሻብ ዚምልከት ኣብ ሙሉእ መምሕድዳር ግዝኣታትን ተሪቶርዮታት ዝዳለው ደገፍ ሓገዝ፣ ምኽሪን መረዳእታ ኣሎ።

## ጉዳያት ሓለዋ ጥዕና

ምኽንሻብ ንጓል ኣንስተይቲ ናይ ሓጺር ግዝን ነዊሕ ግዘ ሓለዋ ጥዕና ጸገም ይፍጠር፣ በዚ ዝስዕብ ዘኻተተ፦

- ከቢድ ሕመም
- ረስኒ
- ቁስሊ በሰላ ምፍጣር
- ናይ ነርቭ ምኹሳዕ/ሕማም (ኣብ ነርቭ ዋህዮታት ምሕባጥ ወይኻዓ ቁስሊ ምፍጣር)
- ንናይ ፋሕኛን ናይ ምሻን ረክሲ
- ኣብ ትሸነሉ እዋን ቃንዛ
- እዋን ጽጊያት ርክበ ስጋዊ ብምኽያድ ሕማም
- ብሽንቲ መተሓላለፊ ቧንቧ ረክሲ
- ኣብ ትወልዳሉ እዋን ጸገማት ከምናይ ርሕሚ ነኟር ምጽባብ ስለዘሎ ናይ ማሕጸን ምንታእ ይፈጥር።
- ሞት

### ሰብዓዊ መሰላት

ንጓል ኣንስተይቲ ምኽንሻብ ብናይ ኣህጉራዊ ከምናይ ደቂ ኣንስትዮን ኣጓላት ዘሎ ሰብዓዊ መሰላት ህጊታት ምጥሓስ ይቁጸር ይቁጸር።

# ምኽንሻብ ጓል ኣንስተይቲ ዚኻየዶ ኣበይ እዩ?




ኣብ ሙሉእ ዓለም 200 ሚሊዮን ዝኾና ደቂ ኣንተይቲን ኣጓላት ምኽንሻፍ ተጌሩለን እዩ። ብናይ ኣፍሪኻ፤ ሚዲል ኢስት፤ ኤሽያን ሳውዝ ኣሜሪኻ ማሕበረሰባትን ጉጅለ ዓሌታት ዘጠቓለለ ተግባር ክርኸብ ይኽእል፡

- በኒን
- ቡርኪና ፋሶ
- ካመሩን
- ሰንትራል ኣፍሪኻን ሪፑብሊክ
- ቻድ
- ኮሎምቢያ
- ኮተ ዲ' ኢቮረ
- ኮንጎ ዲሞክራቲክ ሪፑብሊክ
- ጅቡቲ
- እኳዶር
- ግብጽ
- ኤርትራ
- ኢትዮጵያ
- ጋምቢያ
- ጋና
- ጊኒያ
- ጉኒያ - ቢሳው
- ህንድ
- ኢንዶነሺያ
- ኢራን
- ኢራክ
- ኬኒያ
- ላይቨሪያ
- ማላያዥያ
- ማሊ
- ሞሪታኒያ
- ናይጀር
- ናይጀሪያ
- ኦማን
- ፓኪስታን
- ፔሩ
- ሰነጋል
- ሰራ ሊዮን
- ሲንጋቦር
- ሶማሊያ
- ስሪ ላንካ
- ስታት ኦፍ ፓለስቲን እና እስራኤል
- ሱዳን
- ታንዛኒያ
- ቶጎ
- ኡጋንዳ
- ዩናይትድ ኣረብ ኢሚራትስ
- የመን
- ዛምቢያ

ምኽንሻብ ጓል ኣነስተይቲ ዝተጀመረሉ መዓዝ ከምዝኾነ ከምዘይፍለጥን ብናይ ሓይማኖት ጠቐሜታ ከምዘለዎ እዩ። ምኽንሻብ ጓል ኣነስተይቲ ዓይነታት ኣብመንጎ ማሕበረሰባትን ዓሌት ጉጅለታት ዝተፈላለየ እዩ። ኣብ ሙሉእ ዓለም ዘለዋ ሃገራት ነዚ ዓይነት ኣሰራርሓ ከምዝግደፍን ዘይሕጋዊ ከምዝኾነ እዩ። ባሕልና ንፈቱ ኢና፤ ግን ጉድኣት ዘምጽእ ተግባር ምግዳፍ ይግባእ።

## 4 ዓይነታት ምኽንሻብ ንጓል ኣንስተይቲ

**ዓይነት/Type 1** ወይኻዓ Sunna ንኪንጢር ብኸፊል ወይኻዓ ንኹሉ (ንናይ ደቂ ኣንስትዮ ብልዕቲ ንእሽቶ፤ ስሚዒታዊ ንዝኾነ ክፍሊ) ወይኻዓ ንናይ ቂንጢር ሽፋን (ኣብ ከባቢ ቂንጢር ንዘሎ ቆርበት) ክወጽእ ምግባር።

**ዓይነት/Type 2** ወይኻዓ Sunna ንኪንጥርንና ኣነስታይ ከንፈር ብልዕቲ ንኩሉ ወይኻዓ ብከፊላዊ ምውጋድ (ኣብ ደቂ ኣንስተይቲ ብልዕቲ ውሽጢ ንዘሎ ከንፈር መሳሊ ቆርበት) እዚ' ውን ካብቲ ዓቢ ከንፈር መሳሊ ብልዕቲ (ንናይ ደቂ ኣንስተይቲ ብልዕቲ ዝሸፍን ዝተዓጻጸፈ ዓቢ ቆርበት) ክይሓወሰ ወይኻዓ ንኩሉ ምውጋድ።

**ዓይነት/Type 3** ወይኻዓ ምዕጻው/Infibulation (Pharaonic) ኣብ ከባቢ ሕርሚ ንዘሎ ንእሽቶን ዓቢ ከንፈር ዝመስል ብልዕቲ ብኸፊል ወይኻዓ ንኩሉ ምውጋድን በቲ ዙሪያ ርሕሚ ንእሽቶ ነኻል ብምግዳፍ ንሽንቲ ማይን ወርሓዊ ደም መፍሰሲ ጥራይ ዝኸውን ምግዳፍ። ዓይነት/Type 3 ኣሰራርሓ ነቲ ቂንጥር ብምውጋድ ወይኻዓ ብዘይምውጻእ ክኻየድ ይኽእል እዩ።

**ዓይነት/Type 4** ወይኻዓ Sunna ዘኻትቶ ንኹሉ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ከባቢ ብልዕቲ ከምዝኾነ እዚ' ውን ንሕክምና ዘይኾነ ምኽንያት ምንዳል፣ ምውጋዕ፣ ምስቛር፣ ምሕላጽ፤ ነቲ ብልዕቲ ክነውሕ ምግባርን ክተሓሃዝ ንምግባር ዘኻተተ እዩ።

ዓይነት/Type 3 ወይኻዓ ብልዕቲ ምዕጻው/Infibulation ዚኻየዶ ኣብ ሙሉእ ዓለም ካብዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ ውሽጢ ብግምት 10% ደቂ ኣንስትዮ ምኽንሻብ ይካየድ እዩ። ናይ ምእጻው ምኽንሻብ ዘኻየዳ ደቂ ኣንስትዮ ምእንታን ክኽፈተለን ንሓኪመን ወይኻዓ ንኣስቤዳለ ክዘራርባ ይኽእላ እየን። ከምኡ' ውን 1, 2 ወኻዓ 4 ዋላ ከባድ ኣይኹን እምበር በቲ ውልቀሰብ ጥዕናን ድሕንነትን ጸገም ክፈጥር ይኽእል።

## ኣብ ኣውስትራሊያ ውሽጢ ንጓል ኣንስተይቲ ምኽንሻብ ሕጋዊ ኣይኮነን።

*በዚ ዝዝዕብ ዘይህጋዊነት እዩ፡*

- *ንዝኾነ ጓል ኣንስተይቲ ብልዕቲ ኣካል ምውጋድ ወይኻዓ ምቑራፅ*
- *ብኣንስተይቲ ብልዕቲ ከባቢ ምስፋይ ወይኻዓ ካልኣይ ምስፋይ*
- *ንናይ ኣንስተይቲ ብልዕቲ ዘለዎ ክፍተት ምጽባብ*
- *ንቅንጢርን ምቑራጽ ወይኻዓ ምውጋዕ*
- *ብናይ ኣንስተይቲ ብልዕቲ ከባቢ ጉድዓት ወይኻዓ ጸገም ምፍጣር*
- *ናይ ሰበይቲ ወይኻዓ ናይ ሕጻን ጓል ብልዕቲ ምቑራጽ*
- *ንሓደ ሰብ ክተቑርጾ ካብ ኣውስትራሊያ ወጻእ ምውሳድ*
- *ንሓደ ሰብ ክትኽሸቦ ካብ ኣውስትራሊያ ወጻእ ንክተውጽ ዝሕግዝ*

*ሓደ ሰብ በዚ ዝስዕብ ንምክያድ እቲ ሕጊ ኣይፈቅደሉን፡*

*ሓደ ሰብ በዚ ዝስዕብ እንተጌሩ ሕጊ ይጥሕስ፥*

- *ነቲ ድርጊት ክፍጽም እንከሎ*
- *ነቲ ድርጊት ንክፍጽም ዝሓገዙ*
- *ነቲ ድርጊት ንምፍጻም ዝኾነ ሰብ ንዝረኸቡ*

**ምኽንሻብ ንጓል ኣንስተይቲ ዘኻየደ ክሳብ 21 ዓመታት ናይ ማእሰርቲ መቕጻዕቲ ኣለዎ።**